**እቶም ምስ ሞትና ዜግነት ዝሃቡና: ንኽንጠፍእ ስለ ዝዓደሙና ኢዮም: ዘየድሓኑና!!!**
**ኤርትራውያን ግዳያት ውጻእ መዓት ላምፓዱሳ::**
**ከይተሰወርኩ ስለ ዝሰወሩኒ ኢዮም: ዘይረኸቡኒ!!!**
**በረራ ነፋሪት ቦይንግ 370 ማሊጂያ::**

ልብና ቁሩብ ተጠራጠሩ ይብለና ኣሎ:: ሎሚ ክሳብ ናይ ዜሮ ሰዓት ክንጠራጠር ኢና:: እንጠራጠረሉ ድማ ኣብ ናይ ማሊጅያ ነፋሪት ዝተሞርኮሰ ጥራይ ኣይኮነን: እንተላይ ኣብ ናይ ህልቂት ላምፓዱሳ ዝተመልከተ ‘ውን ኢዩ::

ግዳያት ላምፓዱሳ: ምስ ዝተፈላለዩ ዜና ማዕከናት ኣብ ዝሃብዎ ቃል: ናብ ሞት ዘሳጥሕ ዝኾነ ምኽንያት ኣይነበረናን ክብሉ እንከለው: ኣብ'ዛ ነፋሪት ቦይንግ 370 ኣመልኪቶም ከኣ ገለ ሰባት: እታ ነፋሪት ብፍጹም ኣይወደቐትን: ኣይተሰባበረትን: ወይ ኣብ ውቅያኖሳት ኣይሰጠመትን ዝብሉ ወገናት ኣለው::

ነዚ ኽልተ ዝተፈላለየ ዝመስል ፍጻሜታት ኣብ እንድህስሰሉ እዋን ዝመጽእ ሕቶ: ናብ ሞት ዘሳጥሕ ምኽንያት ኣይነበረናን: ግን ንሞት ተፈሪድና ምስ ዝብሉ ሰባትን: እታ ነፋሪት ቦይንግ 370 ኣይተሰወረትን: ወይ ኣይወደቐትን ዝብሉ ዘለው ወገናትን: እንታይ ዓይነት ናይ ሓባር ተመሳሳሊ ስውር ውዲት ኢዩ ኣጋጢምዎም? ንምፍላጥ ዝሕግዙና ሕቶታት ክለዓሉ ናይ ግድን ኢዩ:: ኣብ'ዚ ጉዳይ እዚ ክትጠራጠሩ ኣለኩም ዝብሉ ወገናት ከኣ: በብመንገዱ ብብዝሒ ይቀላቐሉ ኣለው:: ኣይፋል ኣይትጠራጠሩ ክብሉና ግን የብሎምን:: እወ ሎሚ ክሳብ እታ ናይ ዜሮ ሰዓት ክንጠራጠር ኢና:: እንጠራጠረሉ ግን: ነታ ንእሽቶይ ሰንሰለት ሓቂ ረኺብና: ናብ ብራኽኣ ንምብጻሕ ኢዩ::

ኣብ ላምፓዱሳ ሬሳታት ናይ ምልላይን ምድላይን መስርሕ ክካየድ እንከሎ: ህላዌ መንነት ሬሳታት እንታይ ፋይዳ ክህልዎ ኢዩ? ብቐንዱ እቲ ሽግር ኢዩ ክፍታሕ ዘለዎ ዝብሉ ሸነኻት ነይሮም:: ሃንደበት ከኣ ኢጣልያ ነቶም ሬሳታት ናይ ክብሪ ዜግነት ዓዲላ:: በቃ እቶም ግዳያት ኤርትራውነቶም ተፈንፊኑ: ንምድሓኖም ዘይተደኸመሎም: ምስ ሞቱ ክብሪ ክወሃቦም ተባሂሉ: ናይ ፈርንጂ ዜግነት /ኢጣልያ/! ተዓዲሎም: ኢጣልያውያን ኮይኖም ተቐቢሮም::

ኣብ ነፋሪት ቦይንግ 370 ከኣ: እንታይ ኢኺም ትደልዩ ዘለኹም? ዝብሉ ዘለው ወገናት: እታ ነፋሪት ነቲ ናይ ሰሌዳኣ ግምታት ክንበብ እንከሎ: እንታይ ዝብል መልእኽቲ ኢያ ኣሕሊፋ? “ኣነ ክርከብ ዘይከኣልኩ: እቶም ንኽደልዩኒ ዝንቀሳቐሱ ዘለው ሰባት: ኣብ ዘለኽዎ ቦታ ስለ ዝፈልጡ: ክረኽቡኒ ስለ ዘይደለዩ ጥራይ ኢዩ” ኢላ ዝብል:: መቸም ደለይቲ ካብ ሃለው: ተደለይቲ ‘ውን ኣለው ማለት ኢዩ:: ኣብ'ዚ ኢዩ ዘሎ እቲ ሰራም ውዲት!!!

ኣብ መርከብ ላምፓዱሳ ዝነበሩ ኤርትራውያን ግዳያት ከኣ: ከድሕኑና ተኽእሎ እናሃለዎም እንከሎ: ኣብ ክንዲ ናብ ምድሓንና ዝጓየዩ: ረዲኤት ናቶም እናጸዋዕና እንከለና: ጎስዮምና ሓሊፎም:: ኣብ ሃገርና ኤርትራ ሕማቕ ምሕደራን: ኤርትራ ገሃነብ እሳት ምዃናን: ባዕሎም ዝያዳና ንዓና ከረድኡና ዘይገብርዎ ነገራት የብሎምን:: ስለ ዝኾነ ኸኣ: ካብ ዓድና ንኽንወጽእ: ዝያዳ ኣብ ዓዶም ውሑስ ናብራ ክንነብር ብዘካይድዎ ጎስጓስን: እቲ ኣብ ዓይንና ዘሎ በሰር ንኽእለየልና: ናብ ዓይኖም ዘሎ ጉንዲ ከይረኣና ኢና መጺእና:: ስለ'ዚ:- “እቶም ምስ ሞትና ዜግነት ዝሃቡና: ንኽንጠፍእ ስለ ዝዓደሙና ኢዮም: ዘየድሓኑና!!!!” ዝብሉ ዘለው:: ምስ ሞተ ንሰብ ዜግነት ካብ ምሃብ: ከም'ቲ ኩሉ ዝሰማማዓሉ: ዋላ ብሂማንቲ Humanity ደረጃ: ብህይወት ንዘሎ ሰብ መንበሪ ፍቓድ ምሃብ ምተመርጸ: ናይ'ዚ ዘይቁዱይ ኣብነት: ኤርትራውያን ኣብ ዝተፈላለየ ቦታ ብዘይመንበሪ ፍቓድ

ዝሳቐይዎ ዘለው እኹል መረድኢ ኢዩ:: ናይ'ዚ ሕልኽላኽ ዝኾነ እከይ ውዲት መበገሲ: እንታይ ኢዩ?

ኣብ ክልቲኡ ጉዳያት ማለት:- ጉዳይ ላምፓዱሳን: ነፋሪት ቦይንግ 370: ዝመሳሰል ካዕቦ ዝተጠናነገ ሰራም ዝኾነ እከይ ውዲት ኣሎ:: ነፋሪት ቦይንግ 370 እትብል ዘላ: ዘይተረኽብኩሉ ምኽንያት እቶም ዝደልዩኒ ዘለው ሰባት: ዘለኽዎ ቦታ ስለ ዝፈልጡ ኢዮም:: ግዳያት መርከብ ላምፓዱሳ ከኣ: ዘይደሓንናሉ ምኽንያት እተን ክልተ ዓበይቲ መራኽብ ጣልያን: ንኽልተ ግዜ ናባና በጺሐን ኮሊለናና: ነቲ ዘቕረብናለን ናይ ኣድሕኑና ድምጺ እናሰምዓ እንከለዋ: ከድሕናና ስለ ዘይደለያ ኢየን ተቐዚፍና ኢዮም ዝብሉ ዘለው::

እዚ ኣዘራርባ እዚ እንታይ ማለት ኢዩ? እቶም ዳህሳስ ዘካይዱ ዘለው ነፋሪት ማሊዥያ: ዘላቶ ቦታ ይፈልጡ ኢዮም ማለት ኢዩ:: ተደላዩ: ደለይቱ ካብ ፈለጠ: እቶም ደለይቲ ኸኣ: ተደላዩ ኣበይ ከም ዘሎ ይፈልጡ ኢዮም ማለት ኢዩ:: ክልተ መራኽብ ኢጣልያ: ነታ ብብዝሒ ኤርትራውያን ዝጸዓነት መርከብ: ኣብ ኮለለኣን ኣብ'ታ መርከብ ሰባት ከም ዘለው ፈሊጠን ነይረን ኢየን:: እቶም ኤርትራውያን ግዳያት: ናብተን ክልተ መራኽብ ሓገዝ ካብ ሓተቱ: ሓጋዚ ኣብ'ቲ ከባቢ ነይሩ ኢዩ ማለት ኢዩ:: ሓጋዚ ኣብ'ቲ ከባቢ ካብ ነበረ ኸኣ: ተሓጋዚ ኣብ'ቲ ቦታ ኣሎ ማለት ኢዩ:: ስለ ዝኾነ ከኣ: ክሳብ ናይ ዜሮ ሰዓት ክንጠራጠር ኢና:: ብዙሓት ዘተሓሳስቡን: ከሰንብዱ ዝኽእሉ ሓሳባትን: ኣብ ዙርያ ናይ'ዛ ህልቂት ዝተፈጸመላ መርከብ ላምፓዱዛን: ነፋሪት ቦይንግ 370 ጉዳይ: ሓደስቲ ሓበሬታታት እንዳወሓዙ ኢዮም::

ኣብ ነፋሪት ቦይንግ 370 ዝተመልከተ ምናልባት: ከም CNN, BBC, ዋሽንግቶን ፖስትን ካልኦትን: ብኣጠቓላሊ ኩሎም ኣብ ትሕቲ ናይ'ዞም ዘናድዩ ዘለው ጉጅለታት ዘለዋ ማዕከናት ዜና ዋላ እንተ ዘይተዛረባ: ብድሕሪ እዚ ሓበሬታ እዚ ዝተኸወለ: ሓደ ፍሉይ ብዊዲት ዝተዓብለኸ: ዝኾነ ነገር ኣሎ ኢዩ ዝበሃል ዘሎ::

ኣብ'ዛ ናይ ላምፓዱሳ መርከብ ከኣ: ኪኖ ዜና ማዕከናት: እቶም ተጣበቕቲ ኢና ዝብሉ ኤርትራውያንን: መርበባት ሓበሬታን ዘካይድዎ ምንቅስቓስን: ዘርኣይዎ ስቕታን ቅጭታን: ዋላ እቲ ሓቂ ክዛረብሉ ኣይድለዩ: ኣብ ገለ እዋናት ተሓለቕቲ ተመሲሎም ምስ ዘጋውሕዎ ናይ ንብዓት ሓርገጽ ንብዓት!!! ምስ እንፍትሽ: ልክዕ ከም ነፋሪት ቦይንግ 370: ብድሕር'ዚ ተግባር እዚ ዝተኸወለ: ሓደ ፍሉይ ዝዓሰወ እከይ ውዲት ኣሎ ኢዩ ዝበሃል ዘሎ::

ስለ'ዚ:- ዘይጠፍአ ነገር ኢዩ እናተደልየ ዘሎ ዝብሉ ዝርዝር ሓበሬታታት እናተጋውሑ ኢዮም ዘለው:: በቲ ሓደ መዳይ ከኣ ክሞቱ ዘይግበኦም ዕሽላት መንእሰያት ኤርትራውያን ኢዮም ተቐዚፎም ዘለው:: ስለ'ዚ ኣብ'ዚ ጉዳይ ኣመልኪትና ገለ ክንብል ኢና: ምኽንያቱ ንምንታይ ኢዩ ከምኡ ተገይሩ? ንምንታይከ ከምኡ ክኾኑ ኪኢሎም? ከእምኑ ዝኽእሉ ብዙሓት ጉዳያት ኣብ ውሽጢ ከርሲ ናይ'ዚ ጉዳይ'ዚ ኣለው እናተባህለ ኢዩ:: ስለ'ዚ ነዚኦም ኩነታት እዚኣቶም ዳህሲስና: ብተኸታታሊ እናብሰልና: ናብ'ቲ ቀንዲ ሚስጢር ክንበጽሕ ክንፍትን ኢና::

ናይ ማሊዢያ ነፋሪት ዝጠርጠርናሉ ጉዳይ እንታይ ኢዩ ነይሩ? ካብ ኩዋላ-ላምፑር Kuala-Lumpur ተበጊሳ: ናብ በይጂንግ Beijing ትበርር ዝነበረት ነፋሪት: ከም በዓል ኣሜሪካን ካልኦት ዓሰርተ ዝበጽሓ ሃገራትን: ካብ 40 ንላዕሊ መራኽብ ዘተሓባበረ: ሕጂ ኸኣ: ናይ ትሕቲ ባሕሪ ብጥልቀት ዝኃዓዛ መራኽቦም: ካብ ጥልቀት ነቲ ናይ ምድላይ ዳህሳስ ጀሚርናዮ ኣለና እናበሉ ኢዮም:: ኮይኑ ግን: ንሕና ንጥርጥር ኢና: ኢና ዝበልና:: ሕጂ እቲ ንምከሮ ምኽሪ: ልክዕ ካብ ኩዋላ-ላምፑር Kuala-Lumpur ማርቼት ኣከባቢ ክብገሱ እንከለው: ቁጽሮም ናብ ከባቢ 239 ዝነበሩ: ሰራሕተኛታት ከይቆጸርካ ማለት ኢዩ:

ካብ'ዞም ተጓዓዝቲ ውሽጢ: 20 ቻይናውያን ነይሮም:: እወ ቻይናውያን ነይሮም:: እሞ ናበይ ንምብጻሕ ስለ ዝተደልየ ኢዩ?

ኣብ ላምፓዱሳ ዝሃለዉ ኤርትራውያን: መበገሲ ቦትኦም ኤርትራ Eritrea ኮይኑ: ዝበዝሑ ኣብ ኢትዮጵያ Ethiopia ዑቕባ ሓቲቶም ዝነበሩ ኢዮም:: ንነዊሕ ዓመታት ከኣ: ጉዳይኩም ተራእዩ ናይ ወጻኢ መገሺ ሰነድ ሪሰትልመንት Resettlement እናተዳለወልኩም ኢዩ ተባሂሎም ክሕበሮም ዝጸንሑ: ኣብ መዓስከራት ዓድ-ሓርሽን: ማይ-ዓይንን ዝቐመጡ ዝነበሩ ኢዮም:: ዝበዝሑ ኸኣ: እቲ ብስሞም ዝተዳለወ ሬስተልመንት Resettlement ሰነድ መገሺ: ናብ ካልኦት ባዕሎም ሰበ-ስልጣን ኢትዮጵያ: ኢትዮጵያዊ ዜግነት ንዘለዎም ትግራዎት: ነቲ ሰነድ መገሺ ኣሕሊፎም ብምሃቦም: ነቶም ኤርትራውያን ኣብ ጥራይ ጎልጎል ኮፍ ምስ ኣበልዎም ኢዮም: ሃንደበታዊ ጉዕዞ ናብ ሱዳን: ብሱዳን ኣቢሎም ጎላጉል ሰሃራ ቆሪጾም ናብ ሊብያ: ካብ ሊብያ ብባሕሪ ሜዲትራንያን ኣቢሎም ናብ ላምፓዱሳ ዝመጹ:: እወ ናብ ላምፓዱሳ መጺኦም:: እቲ ብስሞም ዝተዳለወ ኤርትራዊ ሪሰትልመንት Resettlement ኣበይ ኣቢሉ? ንመን ተዋሂቡ? ስለምንታይ? ንምንታይከ ክወጹ ኪኢሎም? ናበይ ንምብጻሕ ስለ ዝተደልየ ኢዩ እዚ ጸሊም ውዲት እዚ ተኸሲቱ? ብሓባር ክምለስ ዘለዎ ሕቶ ኢዩ::


ኣብ'ዛ ናይ ማሊጅያ ነፋሪት ቦይንግ 370: ስለምንታይ ኢዩ ናይ ቻይናውያን ህላዌ ዝደጋገም ዘሎ? እወ ቻይናውያን ኢዮም ነይሮም:: እቶም ቻይናውያን ከኣ: ናይ Freescale-Semiconductor ፍሪስኬል-ሰሚኮንዳክተር ዝተባህለ ሓደ ትካል-ሰራሕተኛታት ዝነበሩ ኢዮም ነይሮም:: ካብዞም 20 ቻይናውያን ማእከል ከኣ: ናብቶም 4 ቻይናውያን ዝያዳ ኣቶኩሮ ክንገብር ክንግደድ ኢና እንምከር:: እዞም 4 ሰባት ናይ'ዚ ዝተጠቕሰ ትካል ቀወምቲ ሰራሕተኛታት ኢዮም:: ናይ Freescale-Semiconductor ፍሪስኬል-ሰሚኮንዳክተር ማለት ኢዩ::

ኣብ'ዛ ኣብ ደሴት ላምፓዱሳ ዝሰጠመት መርከብ: ገዚፍ ናብ ትርኢት ዓይኒ ዝቐረበ ትራጀዲታት ዘለዎ ፍጻሜ ነይሩ ኢዩ:: ኣብ'ታ መርከብ መብዛሕትኦም ተሳፈርቲ ኤርትራውያን ኢዮም ነይሮም:: እወ ኤርትራውያን ኢዮም ነይሮም:: ካብኣቶም ከኣ ዝበዝሑ ቆልዓ ሰበይትን: ህጻውንትን ደቂ ኣንስትዮን ነፍሰ-ጾራትን ነይሮም:: ኣብ'ዛ መርከብ ካብ ዝነበሩ ኸኣ: ኣቶኩሮና ናብቶም ህጻውንትን: ነፍሰ-ጾራትን ኣደ ቆልዑን ከነቶክር ኢና እንምዓድ:: ምኽንያቱ ምድንጋጽ ዓለምን: ሰባት ሰራሒም ዝዝውርወን ናይ ደቂ ሰባት ተጣበቕቲ ኢና በሃልቲ ማሕበራትን: ኣብ ህጻውንትን ኣደ ቖልዑን ኢዩ ፍሉይ ኣቶክሮ ዘለዎም::

እዞም 4ተ ቻይናውያን እዚኣቶም: ቅድሚ ገለ ኣዋርሕ ኣቢሉ ምስ'ዚ ኩባንያ እዚ: እዚ ኩባንያ ኣብ ኣውስቲን ቴክሳስ Austin Texas ኢዩ ዝርከብ:: እዚ ኩባንያ ካብ ዘፍርዮም ፍርያት ሓደ ናይ ፈጠራ: ወይ ምህዞ ውጺኢት: ብናቶም ናይ ሓንጎል ብቕዓት: ብናቶም ናይ ክእለት ደረጃ: ምስ'ዚ ናይ ምህዞ: ወይ ፈጠራ ዋንነት ብዝተተሓሓዘ ምኽንያት: ምስ መንግስቲ ኣሜሪካ ማለት:- ነቲ ናይ ምህዞ ዋንነት ጉዳይ ሕቶ ኣቕሪቦም ነይሮም:: ካብ Freescale-Semiconductor ፍሪስኬል-ሰሚኮንዳክተር: እቶም 4ተ ቻይናውያን ብሓባር ብምዃን ማለት ኢዩ:: ስለ'ዚ ነዚ ሕቶ እዚ ጥርዓን ምስ ኣቕረቡ: ኣብ'ታ ነፋሪት ተሳፊሮም ተበጊሶም ተጓዒዞም ኢዮም:: እንተኾነ ግን ናይዞም ሰባት እዚኣቶም ስም ዝርዝር: Freescale-Semiconductor ፍሪስኬል-ሰሚኮንዳክተር ዝተባህለ ትካል: ጠፊኦምኒ ካብ ዝበሎም ሰራሕተኛታት ውሽጢ: ሊስታ ዝርዝር ስም ናይ'ዞም 4ተ ሰባት የለን ኢዩ ዝብል እቲ ሓበሬታ:: Freescale-Semiconductor ፍሪስኬል-ሰሚኮንዳክተር ከም ዝበሎ: ወይ ናይ ማሊጅያ መንግስቲ ነቲ ጸብጻብ ሪፖርት ክዝርግሕ እንከሎ: 10 ናይ Freescale-Semiconductor ፍሪስኬል-ሰሚኮንዳክተር ሰራሕተኛታት ከም ዘለው ኢዩ ጠቂሱ:: ኮይኑ

ግን: Freescale-Semiconductor ፍሪስኬል-ሰሚኮንዳክተር ከኣ: 20 ሰባት ካብ ሰራሕተኛታቱ ተሳፊሮም ከም ዝነበሩ ኢዩ ተዛሪቡ:: ነዚ ዘረባ እዚ ዝተዛረበ ሰብ: ኣብ'ዚ ሕጂ ሰዓት ገጽ-ንገጽ ኣይረአን ኢዩ ዘሎ:: እዚ ማለት ከኣ እንታይ ማለት ኢዩ? ንሳቶም ካብ Freescale-Semiconductor ፍሪስኬል-ሰሚኮንዳክተር: 20 ዝኾኑ ሰራሕተኛታት ጠፊኦም ዝብል ሓበሬታ ኢዮም ሂቦም:: ድሕሪ እዚ ግን: ናይ ማሊጅያ መንግስቲ ከኣ: 10 ናይ Freescale-Semiconductor ፍሪስኬል-ሰሚኮንዳክተር ሰራሕተኛታት ከም ዝነበሩ ኢዩ ሓቢሩ:: ካብዚኦም ከኣ: ናይቶም ዝዝረበሎም ዘሎ 4ተ ሰባት ስም ዝርዝር የለን:: ስለ'ዚ እቲ ሽፈጥ: ወይ ውዲት ካብ'ዚ ኢዩ ዝጅምር ኢዩ ዝበሃል ዘሎ::

ናብ ናይ ላምፓዱስ ምስ እንምለስ ከኣ: ኣቐዲሙ ኣብ እዋን ምውዳቕ ፕረዚደንት መዓመር ጋዳፊ ዝነበረ ኩነታት: ካብ ሊብያ ብባሕሪ ሜዲትራንያን ዝተበገሱ ኣስታት 400 ኤርትራውያን ዝጸዓና ክልተ መራኽብ: ኣብ ባሕሪ ሜዲትራንያን ሰጢመን: ኣይፋል ብክሩዝ ሚሳይል ኢየን ተወቒዐን: ዝብል ሓበሬታታ ኣብ ዝነፍሰሉ ዝነበረ ህሞት: ናይ ሓልዮት ሰብኣዊ መሰላት ኣደ መንበር ዝኾነት: ሓንቲ ካብተን ዝተኣጀላ ተጣባቒት ሰብኣዊ መሰል ኤልሳ ጭሩም ኣብ ዝሃበቶ መግለጺ:- “መሳኪን!!! እዞም ተቐዚፎም ዘለው 400 ኤርትራውያን: ካብ ዝኾነ ሰብ ንላዕሊ: ንዓይ የሕሙኒ:: ምኽንያቱ እዞም ሰባት እዚኣቶም: ክብገሱ እንከለው ኣትሒዘ: ርክብ ዝነበረንን: ምሉእ ስም ዝርዝሮም ሒዘሎም ዘለኹ ኢየ” ኢላ:: ኣብ እዋኑ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ኤርትራ: ንየኦም ኣብ ዝግበር ዝነበረ ዝኽሪ ይኹን: ኣብ መድርኽ ፓልቶክ ገሊጻ ኢያ:: ኣብ ጉዳይ ናይ ላምፓዱሳ ግን: ናብ ኣሜሪካ ኢያ ገይሻ ነይራ:: ‘’ደርሆ: በምዑት ደቃ ትጻወት!!!” ዝዓይነቱ መገሻ:: ኣብ እዋን ናይዞም 400 ዝተቐዝፍሉ ከኣ: ምስ'ቲ ቐንዲ ኣወሃሃዲ ዘይሕጋዊ ምስግጋር ሰባት: ብስም ዓብደልረዛቕ ዝጽዋዕ: ብዓሰርተታት ናይ ጋርድ ሓለዋ ተኸቢቡ ዝኸይድ: ኣብ ሊብያ ዝመደበሩ ሰብ: ርክብ ከም ዘለዋ ኢያ ንህዝቢ ሓቢራ:: ነዚ ብዝምልከት ‘ውን ብድምጺ ዝቐድሕዎ ሰባት ኣለው:: ኤልሳ ጭሩም ኣብ ቀዳሞትሲ: ስም ዝርዝር ነይሩዋ:: ኩነታት ናይ ሊብያ ፖለቲካ ስለ ዝዓብለላ ግን ኣይተጠቐመትሉን:: ኣብ'ዚ ናይ ላምፓዱሳ ኸኣ: እቲ ብቐጻሊ ይረኽቦ ኢየ ዝበለቶ ዝርዝር ኣስማት ኤርትራውያን ናበይ ኣበለ? ህዝቢ ኤርትራ ብህልቂት ላምፓዱሳ ሕርር!!! ኩምትር!!!! እናበለ እንከሎ: ምስቶም ናይ ሂማን ራይት Human-Right ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰል ዝበሃሉ: ኣብ ትሕቲ ጆርጅ ሶሮስ Georg Soros: እቲ ክፉት ሕብረተ-ሰብ The open society ዝመሓደሩ: እዚ ጆርጅ ሶሮስ Georg Soros ዝበሃል መን ኢዩ? ከመይ ዝበለ ትካል ኢዩ? ኣብ ዓለምና እንታይ ዝገብር ኢዩ? ድሒርና ክንመጾ ኢና:: ኤልሳ ጭሩም እንታይ ኢያ ትዋገ ነይራ? ህዝቢ ኤርትራ በቲ ዝወረደ ህልቂት ዝርንዝሕ ክነብዕ እንከሎ: ሜሮን እስቲፋኖስ ከኣ: እንታይ በለት? ኣበይከ ነበረት? ሜሮን እስቲፋኖስ እትነጥፈሉ ዘላ ትካል ዘይመንግስታዊ ማሕበር: Europe External Policy Advisors (EEPA) ከ: እንታዩ ኣውቅዩ? ካብ መን ኢዩ ኸ ሓገዝ ዝረክብ? እንተፈቲሽና: ናብ ጉጅለ ካርላይል Carlayle Group ዞባ ኤውሮፓ ኢዩ ዝወስደና:: ናይ ብሓቂ ድዩ በዓል ኤልሳ ጭሩም ናይዞም ኣብ ላምፓዱሳ ዝሃለቑ ኤርትራውያን ዝርዝር ስም ዘይነበረን? ወዮ ዝርዝራዊ ሓበሬታ ዝቕልብ ዝነበረ ዓብደልረዛቕ ድኣ: ኣብ ሻቡ በጺሑ ናበይ ጠፍአ? ሕጂ እቲ ውዲት ካብ ምትእስሳር ዓብደልረዛቕ ኢዩ ዝጅምር: ዓብደልረዛቕ መን ኢዩ? ሰብ ዲዩ ምትሃት ዲዩ? እዚ ጆርጅ ሶሮስ Georg Soros ዝብሃል ጉጅለ ከ? መስመር ናይ'ቲ እከይ ውዲት ናብ'ዚ ሕጂ እንደልዮ ነጥቢ ክወስደና ኢዩ:: ክፉል ምሕደራ ጆርጅ ሶሮስ Georg Soros ግን: ብሰንጠረጅ መልክዕ ቀሪቡ እነሆ




እቲ ሕቡእ ሚስጢር ሕብረተ-ሰብ
322
The Code of the Secret Society
322
Georg Soros
Open Society
ጆርጅ ሶሮስ
ግሉጽ ሕብረተ-ሰብ
Carlyle Group
ጉጅለ ካርላይ
C.I.A.
ማ.ወ.ስ.
Amnestiy International
ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል
Hhuman Right Wach
ሂማን ራይት ዎች
International Circis Group
እቲ ሕቡእ ሚስጢር ሕብረተ-ሰብ
322
The Code of the Secret Society
322
Georg Soros
Open Society
ጆርጅ ሶሮስ
ግሉጽ ሕብረተ-ሰብ
Carlyle Group
ጉጅለ ካርላይ

ናብ ነፋሪት ቦይንግ 370 ንመለስ: ንምንታይ ኢዩ ናይዞም 4ተ ቻይናውያን ሰባት ስም ኣብ'ዚ ሊስት እዚ ዘይተኻተተ? ተባሂሉ ምስ ዝሕተት:: ናይ Freescale-Semiconductor ፍሪስኬል-ሰሚኮንዳክተር ትካል እንታይ ዓይነት ስራሕ ዲዩ ዝሰርሕ? ናብ ዝብል ሕቶ ኢዩ ዝወስደና:: ናይ Freescale-Semiconductor ፍሪስኬል-ሰሚኮንዳክተር ትካል ማለት:- ናይ Microprocessor,

Microcontroller,
Digital signal
processor,
MEMS sensors,
Reconfigurable computer fabric divice soft ware,
Motorola,
Chips for military radar,
Radio frequency products,
High frequency VHF & low-band UHF radar & radio Communications, ናይ ሚክሮፕሮሶሶር: ሚክሮኮንትሮል: ዲጂታል ሲግናል: ፕሮሶሶር:- ማእለያ ዘይብሎም ናይ ቴክኖሎጂ ፍርያት ዝሰርሕ: ብፍላይ ከኣ: ኣብ ናይ ኲናት ወትሃደራዊ መሳርሒ: ኣብ ውዕሎ ኲናት ዓቢ ናይ ረዲኤት ሓገዝ ዝገብሩ: ናይ ቴክኖሎጂ ፍርያት ዘፍሪ ትካል ኢዩ:: ካብ 1950 ጀሚሩ ዝሰርሕ ዝነበረ እዚ ትካል እዚ: ኣብ ዓበይቲ ናይ ኲናት ቦታታት ፍርያቱ ብምቕራብ ዝፍለጥ: ናይ ኲናት መራኸቢ መሳሪሒታት ብምፍራይ ዝፍለጥ ትካል ኢዩ:: KL-O3 ዝተባህለ መሳርሒ: ንሳቶም እዞም 4ተ ቻይናውያን ዘመሓየሽዎ ማለት ኢዩ: ናብ ኣሜሪካ ናይ ዋንነት ሕቶ ዘቕረብሉ መሳርሒ ቀጥታ ምትእስሳር ዘለዎ: ምስ Freescale-Semiconductor ፍሪስኬል-ሰሚኮንዳክተር ዝተባህለ ትካል ኢዩ:: ንሳቶም ናይ ዋንነት ሕቶ ኣቕሪቦም ነይሮም:: እቲ ናይ ዋንነት ሕቶ ዘቕረብሉ ድማ: መጋቢት 11 2014 ኢዩ ነይሩ:: ናይ ኣሜሪካ መንግስቲ ከኣ: ናይ ዋንነት ምስክር ወረቐት ሂቡ ኢዩ:: ናይ ዋንነት ምስክር ወረቐት ክህብ እንከሎ ግን: ኣብ'ቲ ናይ ዋንነት ምስክር ወረቐት: እንታይ ኢዩ ዝብል? ወይ ከኣ: ኣብ'ቲ ናይ ዋንነት ፍቓድ ወረቐት እዞም ነዚ ሕቶ ዘቕረቡ ሰባት: ብህይወት እንድሕር ዘይሃልዮም: ቤተ ሰቦም ነዚ ክወርስዎ ይኽእሉ ኢዮም ዝብል: ብዙሕ ግዜ ኣብ ሕቶ ፍቓድ ዋንነት ምስክር ወረቐት ዝጸሓፍ ኣሎ:: ግን ዋንነት ወረቐት ምስ ተረከብካ: ብድሕሪኡ ኢዩ ናብ'ቲ ቀጻሊ ናይ ሕጊ ጉዳይ መስርሕ ዝኽየድ: ቡኡ መሰረት ከኣ: ናይ ውርሻ ጉዳይ ሽዑ ኢዩ ዝረጋገጽን: ዝከናወንን: ምዝራብ ዝከኣልን:: ኣብ'ዚ ኢዩ ዘሎ እቲ ሕቡእ ውዲት:-

ኣብ ናይ ላምፓዱሳ ፍጻሜ ዝሃለቑ ኤርትራውያን: ድሕሪ ቅዝፈቶም ኢዩ ናይ ኢጣልያ ዜግነት ተዋሂብዎም:: ቅድሚ እዚ ፍጻሜ እዚ: ማዕከናት ዜና ኤርትራ: ዜጋታት ቀርኒ ኣፍሪቃን: ማእከላይ ኣፍሪቃን ዝኾኑ ስደተኛታት ኣብ ገማግም ባሕሪ ኢጣልያ ብዘጋጠሞም ሓደጋ: ኣስታት ልዕሊ 300 ሰባት ህይወቶም ሲኢኖም ክብላ ኣጋዊሐን:: CNN, BBC, ካልኦት ተለቀብቲ ዜና ማዕከናት ከኣ: ዝበዝሑ ኤርትራውያን ምዃኖም ዝተረጋገጸ ስደተኛታት: ኣብ ገማግም ባሕሪ ላምፓዱስ ሃሊቖም ክብላ ጸብጺበን:: ናይ ህይወት ኣድሕን ሓይሊ ባሕሪ ኢጣልያ: ድሕሪ ምስጣም ናይ'ታ መርከብ: ተጓይዩ ሓንቲ ኣደ ምስ ሰለስተ ደቃ ዝተቐዝፈት ኣውጺኡ:: እዚ ንዓለም ዘሰንበደ ትእይንቲ ኢዩ ነይሩ:: ደጊሙ ሓደ ናይ ባሕሪ ጥልቀት ሓምባሲ ኪኢላ ኢጣልያዊ: ጌና መዳሕንቱ ካብ ኣዲኡ ዘይተፈለየ: ወላዲቱ ኣብ ውሽጢ እታ መርከብ ሕማም ሕርሲ ጀሚርዋ: ካብ ማህጸና ዘውጸኣቶ ዕሸል: ምስ ኣዲኡ ናብ ባሕሪ ጢሒሉ: በታ መዳሕንቲ ጥራይ ተራኺቦም: ማማየ ኣይትግደፍኒ ዝብላ ክመስል: ነታ መዳሕንቲ ከረው ኣቢሉ ተጠምጢምዋ እንከሎ: ነቲ ዕሸል ምስ ኣዲኡ: ካብ ጥልቀት ባሕሪ ኣውጺእዎም እቲ ሓምባሳይ: እዚ ንዓለም ዓቢ

ትራጀዲ ኢዩ:: እህህታ!!! ናይ ዓለም ካብ ጻት-ንጻት ተጋዊሑ:: ስርዓት ኣስመራ: ብዝተጻረየ መንገዲ ሬሳ ናይ ዜጋታተይ ኣብ ሃገረይ ክቐብሮም ኢየ ክብል መግለጺ ኣውጺኡ:: ኢጣልያ ብወገና: ናይ ቤተ ሰብ ናይ DNA መርመራ ክፍሊት ከም እትገብር ኣፍሊጣ:: ኤልሳ ጭሩምን ዶክተር የዕብዮ ኣብ ኣሜሪካ ምስ'ቲ ብጆርጅ ሶሮስ Georg Soros ዝመሓደር ሂማን ራይት ዎች Human Right watch ኣኼባ የካይዱ ኣለው ተባሂሉ:: ጸኒሖ ኤልሳ ጭሩም: ሓገዝ ገንዘብ ረኺባ ተባሂሉ:: እቲ ሓገዝ ዝሃበ ትካል ንባዕሉ: እቲ ዝረኸቦ ምወላ ካብ Tides-Foundation ምዃኑ ተረጋጊጹ:: Tides-Foundation ብወገኑ ካብ'ቲ Open-Society Institute ኢዩ ዝምወል:: እዚ ትካል እዚ ኸኣ ብጆርጅ ሶሮስ Georg Soros ኢዩ ዝመሓደር:: ኣብ ታሕቲ ብሰንጠረጅ መልክዕ ቀሪቡ ኣሎ:: ብወገና ሜሮን እስቲፋኖስ: ኣብ ራድዮ ኤረናን ድምጺ ኣሜሪካን ጠንቂ ናይ'ዚ ቕዝፈት ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓት ኢዩ ኢላ:: ኣባ ሙሴ መረረኡ ገሊጹ: ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ኢጣልያ: ናይ ዜጋታቱ ቅዝፈት ከይዓጠጦ: ኣብ ምዝራፍ ገንዘብ ኢዩ ተዋፊሩ: መእተዊ ገንዘብ ክጥቀመሎም መዲቡ ኣሎ ነዞም ግዳያት ክብል መደረ ሂቡ:: ፖለቲካዊ ኣማኻሪ ፕረዚደንት ኢሰያስ ኣቶ የማነ ገብረኣብ: ዜጋታትና ኣብ ሃገሮም ክቕበሩ ኢና ንደሊ ክብል ገሊጹ: ናይ ሬሳ መጓዓዓዚ ክፌሊት ነፋሪት መንግስቲ ኤርትራ ወጻኢታት ክሸፍን ምዃኑ 'ውን ወሲኹ ኣብሪሁ:: ኣምባሳደር ዘመደ ተኸለ ዜጋትታና ኣብ ሃገሮም ከይቕበሩ: መንግስቲ ኢጣልያ ቢሮክራስያዊ ኣሰራርሓ ብምትእትታው ግዜ ይመጠልና ኣሎ ክብል ከሲሱ: ተቓወምቲ ሬሳታት ናብ ኤርትራ ብሓደ እዋን ክኣትው ኣለዎም: ህዝቢ ከኣ ነቶም ሬሳታት ክቕበል እንከሎ: ነቲ ናይ ቀብሪ ስነ ስርዓት: ናብ ውዕውዕን ዓብን ሰላማዊ ሰልፊ ክቕይሮ ኣለዎ ኢሎም ጎስጓስ ጀሚሮም: ገሊኦም ከኣ: ኖ መንግስቲ ኢትዮጵያ ንሬሳታት ኤርትራውያን ተቐቢላ: ብመንገዳ ኣብ'ታ ኣብ ትሕቲኣ እትቆጻጸራ ዘላ ባድመ: ስነ ስርዓት ቀብሮም ከተካይደልና ከነዘራርባ ኣለና ኢሎም:: እቲ ቕዝፈት መሳኪን!!! ኤርትራውያን!!! ናብ መሸቀጢ ፖለቲካዊ ዳንኬራ ተቐይሩ:: እቲ ናይ ሓርገጽ ንብዓት ውዲት: ኣብ''ዚ ኢዩ ተኾይጡ ዘሎ::



እዚ KL-O3 ዝተባህለ መሳርሒ: እቲ ዓቢ ጥቕሙ እንታይ ኢዩ? ኣብ እዋን ኩናት ንዘጋጥም ጉድኣትን ክሳራን: ብፍላይ ብፕሮቨን ቴክኖሎጂ Proven Technology ሰብ ኣልቦ ነፈርትን ንዘፍጸሙ መጥቃዕትታት ኣጸርዩ ቦታ ምሕባርን: ክበጽሑ ይኽእሉ ኢዮም ናይ ዝበሃሉ ጉድኣት ፈልዩ ናይ ምንጻር ብቕዓት ዘለዎ: ብጣዕሚ ብሉጽ ዝኾነ ናይ ቴክኖሎጂ ውጺኢት ከም ዘለዎ ኢዩ ዝዝረበሉ:: ቅድሚ ሕጂ 'ውን KL-O3 ካብ'ቲ KL-O2 ዝበሃል ዝነበረ: ካቡኡ ብዝተዓጸጸፈ ደረጃ ዝማዕበለ ደረጃ ክሰርሕ ዝኽኣለ ሓንጎል: ማለት:-

Aerospace & Defence:-

1. Battlefield communication,
2. Avioncs,
3. HF Radar-Band L-&-S ,
4. Missile Guidance,
5. Electronic Warfare,
6. Identification, friend or foe (IFF)ን ካልኦት ጉዳያት: ምስ'ዚ ምስ ስትይሉዝ Stylus for iPad ቴክኖሎጂ ብዝተተሓሓዘ ጉዳያት: ብፍላይ ምስ ምኽዋል: ወይ ምስዋር ዝበሃል ወትሃደራዊ ኣጠቓቕማ ብዝተተሓሓዘ ጉዳያት ፍርያት ከቕርብ ዝኽእል: ዓቢ ዓቕሚ ዘለዎ: እዚ ኸኣ ምሉእ ብምሉእ ናይቶም ቻይናውያን ናይ ምህዞ ፈጠራ ውጺኢት ምንባሩ ኢዩ ዝንገር:: እዞም 4ተ ናይ ቻይና ዜግነት ዘለዎም ሰባት ዝበልናዮም ከኣ: ኣብ ማሊጅያን ኣብ ቴክሳስ ዝርከብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት: ከምኡ 'ውን ኣብ ቻይና ውሽጢ ናይ'ዚ Freescale-Semiconductor ፍሪስኬል-ሰሚኮንዳክተር ዕዳጋን ፍርያት ዘላልዩን ዘጠናቕቑን ሰባት ኢዮም ነይሮም:: ኮይኑ ግን: እዞም ሰባት እዚኣቶም: ኮነ ተባሂሉ ከም ዝጠፍኡ ተገይሩ ኣሎ::

ግዳያት ላምፓዱሳ 'ውን: ክድሕኑ ተኽእሎ እናሃለወ እንከሎ: ክልተ ዓበይቲ መራኽብ ኢጣልያ: ንሰለስተ ግዜ ኣብ ዙርያኦም ኮሊለን: ናይ ርድኡና ምልክት መብራህቲ ሲግናል እናመልከቱ እንከለው ኢየን: ንምድሓኖም ኣብ ክንዲ ዝኻየዳ: ኮነ ኢለን ርእየን: ከም ዘይረኣያ ረጊጸነኦም ብምኻድ: ከም ዝጠፍኡ ገይረነኦም ዘለዋ::

ሕጂ ብድሕሪ ናይዞም ኣብ ነፋሪት ቦይንግ 370 ዝጠፍኡ ሰባት: ካልእ ሕቡእ ጉዳይን ሽፈጥን ኣሎ ዝብል ሓሳብ ኢዩ ዝጋዋሕ ዘሎ:: ነዚ ንኽገብሩ ዝደለዩ ኸኣ: ናይ Freescale-Semiconductor ፍሪስኬል-ሰሚኮንዳክተር ሓለፍቲ ኢዮም:: ናይ Freescale-Semiconductor ፍሪስኬል-ሰሚኮንዳክተር ሓለፍትን ወነንትን ከ: በዓል መን ኢዮም? ኢልካ ምስ ዝሕተት ከኣ: ጉጅለ ካርላይል Carlayle Group ዝተባህለ ቀንድን ገዚፍን ትካል ኢዩ ናብ ግዳም ዝቕልቀል:: እዚ ጉጅለ ካርላይን Carlayle Group ብፕረዚደንት ኣሜሪካ ነበር ጆርጅ ኤች ዳብልዩ ቡሽ (ጆርጅ ቡሽ ዓቢ) Former American president Goerge H.W. Bushን ቀዳማይ ሚኒስተር ብሪጣንያ ነበር ጆን ማዮር Former BritiSh prime Minister John Major ጆሚሩ: ብዓበይቲ ናይ ኣሜርካን ናይ ዓባይ ብሪጣንያን ፖለቲከኛታትን ካልኦትን ዝምራሕ: ብቢልዮናት ዶላራት ወጻኢ ብምግባር ወፍሪ ዘካይድ: እዚ ብጣዕሚ ገዚፍ ዝኾነ ናይ Freescale-Semiconductor ፍሪስኬል-ሰሚኮንዳክተር ሰብ ብርኪ ምዃኑ ኢዩ ዝንገረሉ:: ስለ'ዚ ነዚ ናይ ዋንነት ምስክር ሰነድ ወረቐት ንምምንዛዕ ተባሂሉ: ሓደ ዓቢ ፈተነ ከም ዝተገብረ ብግልጺ ጎሊሑ ተቐሚጡ ኣሎ:: እዚ ከኣ:- ከም መረጋገጺ ሒዙ ዝወጸ ናይ ማሊጅያ መንግስቲ: ናይ Freescale-Semiconductor ፍሪስኬል-ሰሚኮንዳክተር ሰራሕተኛታት 10 ኢዮም ነይሮም:: ኣብ'ቲ ጉዕዞ ዝተሳፈሩ ኢሉ ኢዩ ዘውጸኦ:: ካብቶም 10 ኸኣ: እቶም 4ተ ኣስማቶም የለን:: እዞም ሰባት እዚኣቶም ግን: ኣብ'ታ ነፋሪት ከም ዝተሳፈሩ ብልክዕ ተፈሊጡ ኢዩ ዝብል መረዳእታ ወጺኡ ኣሎ:: እዚ ምናልባት ክጅምር እንከሎ ቀጢን መረዳእታ ክመስል ይኽእል ኢዩ:: ግን ንሱ ጥራይ ኣይኮነን: ምናልባት ናይ ሓደ ናይ ቴክኖሎጂ ዋንነት ምስክር ወረቐት ንምውሳድ ተባሂሉ: እሞ ኸኣ: ካብ 4ተ ሰባት ንምምንጣል ተባሂሉ: እዚ ኹሉ ላዕልን ታሕትን ሕልኽላኻትን:

ካብ 200 ንላዕሊ ዝቑጽሮም ሰባትን ዘኸተለ መቕዘፍቲ ምክያድ መድለየ ዶ? ዝብል ሕቶ ኢዩ ብዝዓበየ ደረጃ ዝለዓል ሕቶ ኢዩ: ምናልባት 'ውን ናይ'ዚ ጉጅለ ካርላይል Carlayle Group ዝተባህለ ደሓር ብሰፊሕ ስለ እንምለሶ: በዓል መን ኢዮም ኣባላት ጉጅለ ካርላይል Carlayle Group: ብቐጻሊ ምስ ናይ ሮዚ ቻይልድ ፋሚሊ Rothschild Family ብምትሕሓዝ ዘተኣሳስሮ ነገር ስለ ዘለዎ: ኣብ ቀጻሊ ከም በዓል ጃኮብ ሮዚ ቻይልድ Jacob Rthschild ስለ ዘመሓድርዎ: ናብኡ ገጹ ኢዩ ዝወስደና:: ስለ'ዚ እዚ ኹሉ መቕዘፍቲ መድለየዶ ኸ? ን4ተ ቻይናውያን ተባሂሉ እዚ ኹሉ ውረድ ደይብ መድለየዶ? ነዞም 4ተ ቻይናውያን ብኻልእ መልክዕ ንምእላዮም ወይ ንምውጋዶም ኣይምተኻእለን ዶ? ዝብል ሕቶ የለዓዕል ኢዩ:: ነዚ ዝድግፉ ሰባት 'ውን: ማለት እዚ ውዲት እዚ ኣይተኻየደን ኢሎም ዝቃወሙ: ናይ ምርምር ኣብያተ ትምህርትን: ናይ ማዕከናት ዜና ውጹኢትን: ከም መረጋገጺ ከቕርብዎም ዝኽእሉ ነገራት ኣለው:: እዚ ክሕሰብ ዘይከኣል ኢዩ ኢሎም ኣለው:: ግን ኣይኮነን ዝብሉ ወገናት ከኣ ኣለው:: ንሕና 'ውን: እንኸተሎ ዛዕባ እዚ ኢዩ:: ምኽንያቱ እዚ ቀጢን መስመር ተኸቲልና ምስ እንጓዓዝ: ካልኦት እከይ ውዲታት ከም ዘለው ብዝግባእ ክንርዳእ ንኽእል ኢና ማለት ኢዩ:: ስለ'ዚ 4ተ ቻይናውያን: ንመወዳእታ ብዝለዓለ ደረጃ ናይ ቴክኖሎጂ ስርሓት ዝሰርሑ ዝነበሩ ኢንጂነራት: ዝለዓለ ናይ ምብልሓትን ምህዞን ፈጠራን ዓቕሚ ዘለዎም: ናይ ሓንቲ ሃገር ናይ ቴክኖሎጂ ውጺኢት: ናብ ሓደ ትካል ጠሊፎም ከሰጋግሩ ዝኽእሉ: ብዝለዓለ ደረጃ ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ንዝድለ ናይ ቴክኖሎጂ ዊጺኢት ዘንቀሳቕሱ: ብፍላይ ከኣ: ካብ ናይ ኩናት ሓደጋ ክበጽሕ ንዝኽእል ሓደጋ ንምውሓድ: ዝዓበየ ክፋል ሓበሬታ ክወስዱ ዝኽእሉ ሰባት: ኣብ'ዛ ነፋሪት እዚኣ ኣለው ዶ? የለውን? ተባሂሉ ኣሎ:: እዚ ንምንታይ ኮይኑ: እቲ ዝዓበየ ሕቶ ኢዩ:: ነዚ ዝገበሩ ሰባት ከ በዓል መን ኢዮም? ኢልና ምስ እንሓትት ከኣ: ናይ Freescale-Semiconductor ፍሪስኬል-ሰሚኮንዳክተር መንነት ብቐጥታ ንኽንሓትት ኢዩ ዝዕድመና::

ቀጺሉ 'ምበኣር እቲ ጉዳይ ኣብ ቴክሳስ ናይ ዝርከብ Freescale-Semiconductor ፍሪስኬል-ሰሚኮንዳክተር መንነት ከነረጋግጽ ኢዩ ዝሓተና:: ነዚ መንነት እዚ ፈቲሽና ኣብ እነረጋግጸሉ እዋን ከኣ: ናይ ጉጅለ ካርላይል Carlayle Group መነንት ክንርኢ ኢዩ ዝቕስበና:: ንምኻኑ ኣባላት ጉጅለ ካርላይል Carlayle Group መን ኢዮም? ክምለስ ዘለዎ ሕቶ ኢዩ:: ዶባዊ ግጭት ኤርትራን ኢትዮጵያን: እገዳ ብይን 1907/2009: ናይ በዓል ኣምባሳዶር ሄርማን ኮሄን: ናይ ኤርትራ ካብ ቀዝሒ ምውጻእ ሕቶ: ምስ'ዚ ኣልዒልናዮ ዘለና ጉዳይ ይተኣሳሰር ዶ ይኸውን? ኣቐዲምና ናብ ኣባላት ጉጅለ ካርላይል Member of Carlayle Group ንኪታተል:-

ኣባላት ጉጅለ ካርላይል

Member of Carlayle Group

2ይ ክፋል ኣብ ዝቕጽል የራኽበና


ጉጅለ ተጸናጸንቲ እከይ ውዲታት

gdusattsenatsenti@gmail.com



ዝርዝር መወከሲታት

http://2012thebigpicture.wordpress.com/2014/03/23/rothschild-inherits-a-semiconductor-patent-for-freescale-semiconductors/

http://www.discoverthenetworks.org/individualProfile.asp?indid=977

http://files.shareholder.com/downloads/AMDA-UYH8V/3015634532x0xS1193125-14-70322/1527166/filing.pdf

http://files.shareholder.com/downloads/AMDA-UYH8V/3015634532x0xS1193125-13-107699/1527166/filing.pdf
http://www.carlyle.com/Media%20Room/Annual%20Report%20Files/2010%20Annual%20Report%20-%20English.pdf
http://www.nytimes.com/1989/01/30/business/carlucci-takes-job-at-carlyle-group.html
http://www.globalsecurity.org/military/industry/udi.htm
http://books.google.ca/books?id=9GuVyDhlswoC&pg=PT312&lpg=PT312&dq=Shafig+OR+Shafiq+%22bin+Laden%22+George+Bush&source=bl&ots=AEDGlD8_oF&sig=Z-D26XmqzR-_i4FfKaSa4j3-83A&hl=en&sa=X&ei=990IU4POGoSoqgGawYHIDQ&redir_esc=y#v=onepage&q=Shafig%20OR%20Shafiq%20%22bin%20Laden%22%20George%20Bush&f=false